# ይዘርጋሕ ናይ ፍትሒ ቅልጽምኪ!!

ድረኩኺት ከይሰግራ ተሓሪመን መሓውርኪ
እቶነ— መጎሳ ትኪ ኮይኑ ስልማትኪ
ጽፊዒት ጸርፊ ማዓልታዊ ቀለብኪ
ሞያኺ ዘይፈለጡ ዓንዲ ሃገረ ምኺንኪ።

እጅገኺ ሰብስቢ ኣለሊይ ጸላእትኺ
ድንቁርና ድሕረት ኣርሒቅኪ ደርቢኺ
ነብሰ ተኣማምነት ይሕደሮ‘ቲ ለዋህ ልብኺ
ንዓመጽ ኣይትስገዲ ከይስበር ሕልናኺ።

መደናገሪ ወፍሪ ህግደፋውያን ብንቅሓት መክቲ
ኣበይ ኣሎ ወደይ ዓለ በሊ ትብዓት ተቀኒትኪ
ይትረፍኪ ዳንኬራ ሬሳ ኣሕዋትኪ ረጊጽኪ
ዙርያ ተኸዲንኪ ምስዕሳዕ ነይህብ ውሕስነት መሰልኪ።

ዘክሪ እቶም ሳህራ ባሕሪ ዝዋሓጦም ደቅኺ
ዘክሪ እቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣፎም ተሓቲሙ ምዝራብ ዝተሓረሙ
ኣሕዋትኪ።
ዘክሪ እቶም ኣብ ፈቀዶ ጎዳጉዲ ተዳጒኖም ዘለው ብጾትኪ
ዘክሪ እቶም ኣብ ባርነት ዝጠፍኡ ዕሸላት ደቅኺ።

ትፈልጢ ዶ ኣበይ ከም ዝውዕላ እተን ትኸፍልየን 2%
ገለ ንመዕነው ኣባይቲ ገለ ንመጫወይቲ
ቅሳነት ስኢኑ ብአአን ቆልዓ ሰበይቲ
ጊላነት ሰዊዱ ሳላ ዝለገስኪ ።

ኣብ ዓዲ ሓርነት ትነብሪ ዓዲ ደሞክራሲ
ገነት ‘ያ ኤርትራ ትብሊ ንፍትሒ ትኸሲ
ንሱ ንሕና ንሕና ንሱ ትብሊ ስእሉ ተተርኢስኪ
ሓውኺ ኣብ ዶባት ክዝርጋሕ ጥይት ኣበርኪትኪ።

ሎምስ ይኣክል በልዮ ይዘርጋሕ ናይ ፍትሒ ቅልጽምኪ
ምትላል የብቅዕ ደው ይበል ንብዓትኪ
ውላድኪ ክትስዕሚ ክትቀስን ማህጸንኪ
ምልኪ ክእለ ፍትሒ ክኸውን ስልማትኪ።

ኣዳምጺ በሊ ሹውሹውታ ሰለማዊ ሰልፊ
ን27 ጥቅምቲ ኣብ ሕምብርቲ ኒውዮርክ
ኣብ ቅድሚ ደያኑ ዓለም መሰተውዓልቲ
ኣውያት ህዝብኺ ክሰምዑ ክስንዱ እቲ ሓቂ።

ኣለኹ በልዮም ድግድጊት ተዓጢቅኪ
ኣጕልሕዮ ወጽዓኺ ነግ ፈረግ ከይበልኪ ህግደፍ ዓቅሚ የብሎም ክዕፍኑ ድምጽኺ
ዋዕሮ ኪታሮዝ ኣላ ትትንትን ጸገምኪ።

በሉ ወፋሮ ነቶም ርሑቅ ዘለና ምረትና ኣስምዑልና
ከይንውዕሎ ምሳኹም ዓቅሚ ስኢና
ከይንምለስ ንዓዲ ብቀረብኡ ነዊሕና
ስደት ነዊሑ ሎምስ ዓርዒርና።

ፍትሒ ይንገስ ምልኪ ይፍረስ።

ዓ/ከሪም (ሱዳን)